ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

23 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም.ግ.
1 ግንቦት 2021 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2013-267

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ተወሳኺ ኣገዳሲ ሐበሬታ ብዝዕባ መደብ ትንሣኤ፡

ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም፡ ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን፡ ኣብ ሥራሕኩም ከኣ ጽቡቕ ግስጋሰን ዓወትን ንምነየልኩም። ካብ'ዚ ብምቕጻል እዚ ዝስዕብ ሕጽር ዝበለ፡ ግን ኣገዳሲ ሓበሬታ/መልእኽቲ ክነመሓላልፈልኩም ንፈቱ፥

ኣብ ዕለት 1 ግንቦት 2021 ( 23 ሚያዝያ 2013 ግዕዝ) ዘሎና ናይ ኣገልግሎት መደብ፡ ምስ ህልዊ ኩነታትን ኣብ ጥዕናና ምሕላው ክንገብሮን ክንክተሎን ዝግባኣና ዝተተሓሓዘ ኲይኑ፡ ኩሉ-ሓደ ብግቡእ ክኽተሎ ኣቐዲምና ነተሓሳስብ።

ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ትንሣኤ ንምብዓል፡

- ካብ ሰዓት 20:00 (ሰዓት ሸሞንተ ምሸት) ቤተክርስትያን ዝኽፈት ምዃኑ፣
- ክሳብ ሰዓት 20:00 ግን ዋናታት ቤተክርስትያን ስለዘጥቀሙሉ፡ ዝኾነ ሰብ ተኸፊቱ ኢዩ ዘሎ ኢሉ ክኣቱ ኣይግባእን፣
- ንገዝኦም ክኸዱ እንክለዉ፡ ጻዕቂ ምንቅስቓስ (መካይንን ሰብን) ስለዝህሉ፡ ቅድሚ ቤተክርስትያን ምኽፋቱ ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስትያን ካብ ምእታው ክንቍጠብ፣
- ካብ ሰዓት 22፡00 (ሰዓት ዓሰርተ ምሸት) ናይ 'ትንሣኤ ትንሣኤ ሙውታን' መስቀል ምስላም መደብ ንምእመናንን ምእመናትን ይጅምር፣
- ድሕሪ መስቀል ምስላኩም፡ ዘይተመዝገብኩም ሰባት (ቀጽሪ) ቤተክርስትያን ገዲፍኩም ክትከዱ ከም ዘለኩም፣
- ኣብ ቤተክርስትያን ዝሓድሩ፡ እቶም ዝተመዝገቡ ሰባት ጥራይ ምዃኖም፣
- ድሕሪ መስቀል ምስላም ሰበኻ ጉባኤ፡ ብግቡእ ቊጽጽር ገይሩ፡ ነቲ ዘይተመዝገበ ሰብ ብኽብረት ካብ ቤተክርስትያን ክ(ት)ወጽእ ከም ዝገብር ክንሕብረኩም ንደሊ።

እዚ ብሰበኻ ጉባኤ ቀሪቡ ዘሎ መምርሒ፡ ነቲ ናይ'ቲ ዕለት መደብ ዝተሓባበሩ ሰባት'ውን መዲብሉ ከም ዘሎ፡ ብኽብሪ ክንሕብረኩም ንፈቱ። ነቶም ኣብ'ዚ መደብ ዝተሓባበሩና ሰባት ዝብልኹም ብምኽታል፡ ተኻፈልቲ ናይ'ቲ ጸጋ ትንሣኤ ኣምላኽናን መድሓኔናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክንከውን ሰናይ ፍቓዱ ይኹነልና።
ንዘይፈለጡ ሰባት ኣብ ምሕባር ክትተሓባበሩና ከኣ ብኽብሪ ንሓተኩም።

**አስተብህል/መተሓሳሰቢ፥**
እተን ጥዕናና ንምሕላው ዝጠቕማና መሠረታውያን ነገራት ብግብሪ ንጠቐመለን ሓደራ። ካብኣተን ከኣ
1- ምስ ካለኦት ሰባት ብ1.5 ሜትሮ ተረሓሓቕ፡ ከምኡ ከኣ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ሸፍኖ፥
2- እንድሕር ጽቡቕ ዘይተሰማዓካ (ሓሚምካ) ቀዳምነት እትገብሮ ስጉምቲ፡ ካብ ገዛኻ ዘይምውጻእ ኢዩ።

ብርሃነ ትንሣኤኡ ብሰላም የብጸሓና።

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን፣

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

*ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፡ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*

Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**